# ህዝባዊ ቃልስን ኣፈ,ታትሓ ውሽጣዊ ግርጭትን

ብቐዳምነት ምስጋና ንኹሎን ንፍትሕን ደሞክራስን ጠጠው ዝበላ ናይ ኢንተርነት መራኸቢ ማዕከናትና ብፍላይ ድማ ዓዋተ ኮምን ኣስማሪኖ ኮምን ደቀባት ኤርትራ ኮምን ከምኡ ድማ ካልኦት ዘይጠቐስክወን፣ ብዘይ ኣድልዎ ኣብ ጉዳይ ሃገርና ናይ ተሳታፍነት ዕድል ዝኸፈታልና። ብዛዕባ መስከረም ነትን ንሓርነት ኮምን እንተ ኾይኑ ግን ከምቲ ሓው ቀለታ ኪዳነ ዝበሎ ኣድልዎ ካብ ዝገብራ ሓያሎ ኣዋርሕ ኢዩ ኰይኑ። ልክዕ እዘን ክልተ ናይ ብዙሓን መራኸቢ ማዕከናት ከምቲ ግቡእ ኣብ ክሊ ተቓዋሚ ደንበ ኰይነን ብመትከል ደሞክራሲ ንኹሉ ብማዕረ ዕድል ክባ ነይሩወን። ኰይኑ ግን መሪሕነት ሰውራዊ ባይቶ ዝበሎ ጥራይ ኢየን ዝኽተላ። እቲ ዘገረም ኣብቲ ንዓሰርተ ኣዋርሕ ኣብ መንጎ መሰረታትን መሪሕነትን ሰውራዊ ባይቶ ዝተኻየደ ምፍሕፋሓት ብሓልዮት መሰረታት ባጀት ዝካየዳ ክንሰን ብጨንፈር ደረጃ ሓበረታ ኣብ ዝቐርቡሉ ግዜ ብዙሕ ግዜ ከም ዝተነጸጉ እፈልጥ። ነቲ መሪሕነት ዝነቅፍ ወይ ዝወቅስ ዘበለ ጽሑፍ ኩሉ ብዘይ ምውካስ ደራሲ ናብ ጉሓፍ ኢዩ ዝሰንዶ። እሞ ደሞክራሲ ድኣ ከምዚ ድዩ? እዛ ስጉምቲ'ዚኣ ንባዕላ ሓንቲ መዐቀኒት ናይቲ መሪሕነት ኢያ። ሓዳስ ኤርትራ፣ ብድሆ፣ ሽዓቢያ ኦርኽ ወ.ዘ.ተ. ድኣ ካብዚ ሓሊፉን እንታይ ገይረን?

ክቡራት ኣንበብቲ ናብቲ ቀንዲ ነገር ጽሑፈይ ከኣቱ፣ ናይ ታሪኽ ወይ ሕብረተሰብ ፈላጣት ከም ዝብልዎ "ሓንቲ ስድራ-ቤት መፈለምታ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ኢያ" ወይ ድማ ብኻልእ ኣዘራርባ "ሓንቲ ስድራ-ቤት ሓንቲ ዋህዮ ናይቲ ዘሎ ሕብረተሰብ ኢያ" ይብሉ። ኣመሓዳድራን ኣነባብራን ናይ ሓደ ውድብ ወይ ድማ ሰልፊ ድማ ብሓደ ኣመሓዳድራን ኣነባብራን ናይ ሓደ ስድራ-ቤት ክምሰል ይከኣል። ብባህልናን ልምድናን (ኣባታዊ ኣበሃህላ ኢዩ ድኣ ከይትብሉኒ'ምበር) ሓንቲ ስድራ-ቤት ብሓደ ኣቦ ኢያ እትምራሕ። ኣመራርሓ ናይ ሓደ ኣቦ ስድራ-ቤት ናይታ ስድራ-ቤት ህይወት ወሳኒ ይኸውን ማለት ኢዩ። ኣብታ ስድራ-ቤት ዝወርድ ሽግራትን ግርጭታትን ኣቦ ብግቡእ ምስ ዝፈትሖ እታ ስድራ-ቤት ተሳንያ ሓድነታ ሓልያ ክትነብር ትኽእል። ነዚ መብርሂ ክኾነኒ ዝኽእል ሓደ ጭቡጥ ኣብነት ከቕርብ እፈቱ። ርሑቕ ከይከድና ኣብ ሃገር ጀርመን ክልተ ኤርትራዊ ስድራ-ቤታት ኣለው። ኣሽማት ናይዘን ስድራ-ቤታት ክጠቅስ ኣይደልን። ስድራ-ቤት ሀን ስድራ-ቤት ለን ይበሃሉ (ኣብ ጀርመን እትቕመጡ'ኧ እቲ ዛንታ ትፈልጥዎ ኢኹም)። ስድራ-ቤት ሀ ሓደ ልሙድ ኣገባብ ኣነባብራ ኣለዋ። ኣብታ ስድራ-ቤት ገለ ሽግር ወይ ግርጭት ምስ ዝፍጠር፣ እቲ ኣቦ ኣኼባ ስድራ-ቤት ይጽውዕ ። ስድራ-ቤት ደደብተራን ብርዓን ሒዛ ኣብ መኣዲ ክትዕ ትኣቱ። ነገር ይፈስስ። ካብ ኣደ ጀሚርካ ስጋብ እቲ ዝነኣሰ(ት) ቈልዓ ርእይቶ ይወርድ። ብዘይንሕስያ ብግልጺ ህንካን ሃባን ይካትዑ። ገለ ናይ መቕጻዕቲ'ውን እንተሎ በቲ ኣኼባ ይውሰን። እቲ ዝቕጻዕ ሰብ (እንተላይ እቲ ኣቦ) ነታ እትወሃብ መቕጻዕቲ ሓንጎፉይ ኢሉ ይቕበላ። ከምዚላ ስድራ-ቤት ሀ ደቃ ሓብሒባን ተፋቒራን ትነብር። እዚ ቀንዲ ግን መባእታ ደሞክራሲ ካብዚ ንምቕሳም ኢዩ። ስድራ-ቤት ለ ግን ናይ ኣቦ ጽቕጠት ዘለዎ ኣገባብ ትኽተል። ኣቦ "ኣነ ኢየ ሓላፊ ብናተይ መገዲ ጥራይ ቶኸዱ። ካብዚ ዘወጸ ምፍትሒኡ በትሪ" ይብል። ምሸት ምሸት እንዳ ስድራ-ቤት ለ ሓዞ ትዝስዶ ዕግርግር ይሰፍን። ኩላትና ከም እንፈልጦ ድማ ቆልዑ ኤውሮጳ ምሒር ናይ ስድራቤት ጽቕጠት ምስ ዝብርትየም ብመሰል ቆልዑት ማሕበር ኣቢሎም ነናብ ጸግየም ፋሕፋሕ ይብሉ። ስድራ-ቤት ለ ሰብኣይን ሰበይትን ይተርፉ። ምናልባሽ'ውን እታ ሰበይቲ ትስዕቦም ቸኸውን። ይበሃል።

እሞ መሪሕነት ሓደ ውድብ እውን መጠኑ ይፋላለ እምበር ደሞክርስያዊ ኣገባቡን ኣፈታትሓ ግርጭቱን ሓደ ኢዩ ክበሃል ይከኣል። ኣብ ታሪኽ ብረታዊ ቃልስና ምልስ ኢልና ምስ እንዝክር ውሽጣዊ ግርጭታት ብኸመይ ይፍትሑ ነይሮም? እዚ ናይ ባሓቂ ኣገዳሲ ሕቶ ኢዩ። ቅድምቅድም ኣብ ህዝባዊ ግንባር ናይ 1973 ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ (መንካዕ) ናይ ውድብ ጌጋታት ምእራም ኢዩ ነይሩ። ኣፈታትሕኡ ግን ኣብ ክንዲ ብደምክራስያዊ ኣገባብ፣ ሕሉፍ ጸጋም ሓድ ሓደ ግዜ ድማ የማን ተባሂሉ ብመቕተልቲ ተፈቲሑ። ቀጺሉ ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ናይ 1977 ምንቅስቓስ ፋሉል ተባሂሉ ብብረት ተወቒዑ ዝተረፈ ናብ ህዝባዊ ግንባር ኣትዩ። ኣብ ህዝባዊ ግንባር ናይ 1977 ናይ ኤ.ና.ስ.ኤ. (ማሕበር ተማሮ ኤርትራውያን ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ) ዓንዲ ሕቘ ናይቲ ውድብ ዝነበረ ነዚ ሕጂ ጕሊሑ ዘሎ ኣብቲ ግዜ'ቲ ክእርም ኣብ ዝፈተነሉ ግዜ ተወቒዑ ሓቒቑ። ኣብ ህዝባዊ ግንባር ብ1993 ንመነባብሮኦም ምምሕያሽ ተጋደልቲ ዝገበርዎ ምንቅስቓስ ብሓፍ ዘይብል ማእሰርቲ ተፈትሐ። ቀጺሉ'ውን ኣከለስንኩላት ህዝባዊ ግንባር ናብርኦም ንምምሕያሽ ኣብ ማይ ሓባር ምንቅስቓስ ኣብ ዝገበሩሉ ግዜ መፍቲሒኡ ጠይትን ማእሰርትን። ብ G15 ዝፍለጡ ንኣቶ ኢሰያስ ናይ ቀረባ መሳርሕቱ ጊጋና ንኣርም ስለ ዝበሉ፣ መፍትሒኡ ማእሰርቲ። ጋዜጠኛታትናን ተምሃሮናን ሓቂ ስለ ዝተዛረቡ ማእሰርቲ። ሕጂ ድማ ኣብ ግዜና ኣብ ሰውራዊ ባይቶ መሰረታት ነቲ ስንኩፍ ኣበሃህላ ፈሪሖም፣ ብስርዒታዊ ኣገባብ ማእከልነቶም ሓሊዮም ውድባዊ ግብኦም እናፈጸሙ፣ ዝተጋገየ መሪሕነቶም ክእርሙ ስለ ዝፈተኑ ቀይዲ በተኽ ይበሃሉ ኣለው። ስለዚ ኣብ ታሪኽ ቃልስና ንመሪሕነቱ ክነቕፍ ክእርም ወይ ክወቅስ ዝተበገሰ ጉጅለ ኩሉ ኢንታ ኣለዎ። ወይ ሕሉፍ ጸጋም፣ ወይ ፋሉል፣ ወይ ከዳዕ፣ ወይ ሃይማኖታዊ፣ ወይ ድማ ወገናዊ ኢዩ። ብሽነኽ መሪሕነት ግን ስጋብ ሕጂ ብጀካ እዞም ናይሕጂ በዓል ኣሕመድ ናስር ተጋጊና ዝብል ሰሚዕና ኣይንፈልጥን።ዘሕዝን ኢዩ በንጻሩ'ኳ ድኣ ንስልጣኖም ክብሉ ኣሽሓት ሂወት ዘሕለፉን ውድብ ዘፍሩስን ኣይተሳእኑን።

ክቡራት ኣንበብቲ እቲ ቀንዲ ነዚኣ ክጽሕፍ ዘገደደኒ ምኽንያት ሓደ Religion and Ethnicity in Eritrean Politics (part I ) ዝብል ጽሑፍ ኣብ ንሓርነት ኮም ዝወጸ ብሓው ወልደየሱስ ዓማር ስለ ዝንበብኩ ኢዩ። እቲ ጽሑፍ ዝቐረበ ብንግሊዘኛ ኢዩ ። እቲ ቀንዲ ጽማቕኡ ሓሳባት ድማ ንመሰረታት ተ.ሓ.ኤ.ሰ.ባ. ኣብ ሃይማኖት፣ ወገንን ዓሌትን ዝተመርኰሰ ናይ ምፍንጫል ክሲ ዝእምት ኢዩ። ብቐዳምነት ግን ሓው ወልደየሱስ ክቕድም ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልስና ድሒሩ ድማ ኣብ እነካይዶ ዘሎና ሓርነታዊ ቃልስና ዘበርከቶን ዘበርክቶ ዘሎን ሃገራዊ ቃልሲ የመጉስ። ኰይኑ ግን ነዞም ምስኡ ንነዊሕ ዓመታ ክቃለሱ ዝጸንሑ ናይ ቃልሲ ብጾቱ በዚ ክኸሶም ብዙሕ ኣስደሚሙኒ። በበሃህላ ወልደየሱስ እቲ ቀንዲ ጠንቂ ናይዚ ግርጭት'ዚ ሃይማኖትን ወገንን ዓሌትን ማለቱ ድዩ? ኣነ ብወገነይ ከምቲ ዝተኸታተልክዎ እቲ ቀንዲ መልዓሊ ግርጭት ናይ ስልጣን ህርፋን ኰይኑ ኣስዒቡ ደሞክራስን ብቕዓት ኣፈታትሓ ግርጭትን ዘይምህላው ኢዩ። ወላ'ውን ሕራይ ንበል መሰረታት ተ.ሓ.ኤ.ሰ.ባ. ብዓሌት ወይ ብወገን ወይን ብሃይማኖት ምስ ዝኸሰሱ ናይ መን ጉድለት ኢዩ? ሰውራዊ ባይቶ ዝኣክል ንኣርባዓ ዓ መታት ዝተጋደለ፣ ናይ ነዊሕ ዓመታት ተመክሮ ዘለዎም ካድራት ዘለዎ ከም በዓል ወልደየሱስ ስለምንታይ መሰረታቱ ካብ ዝምባሌታት ናይ ወገንን ሃይማኖትን ዓልየትን ዘየንቀሖም? ቀጺሉ ሓው ወልደየሱስ ኣብ ጽሑፉ መሪሕነት ሰውራዊ ባይቶ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ከም ዝተመርጸ ይሕብር። ግርም ብደሞክራያዊ ኣገባብ ምምራጹ ሕማቕ ኣይኰንን። ብደሞክራስያዊ መንገዲ ተመሪጽካ ብዘይደሞክራስያዊ ኣገባብ ክትሰርሕ ግን ካብ መንገዲ ደሞክራሲ ኣልጊስካ ናብ ዲክታትተርነት ተምርሕ ኣሎኻ ማለት ኢዩ። ስለዚ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ዝተመርጸ ኩሉ ደሞክርስያዊ ኢዩ ኣየስምዕ ን። በሉ ሰማ ዘሃገርኩም ኣብ ክንዲ ልቢ ኣዕቢኻ ወይ ኣርሒቕካ ብምጥማት ነቲ ነገር

ምትህድዳእ ን17 ዓመት ዝኣክል ዝሃነጽካዮ ማሕበር ገዲፍካ ብህልኽ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን ካልኣይ ዳስ ኣብ ፍራንክፈርት ምትካል ናይ ሓደ ብቕዓት ዘለዎ መሪሕነት ስራሕ ድዩ? መን'ዩኸ ካብ መን ዝፍንጨል ዘሎ? መን'ዩ ኣብ ርእሲ ስርዒት ሓድሽ ስርዒት ዝመስረተ? ወላ ኣባላት ውድብ ተዘይኮና ከም ሃገራውያን መጠን ሓቅ'ዶ ክንዛረብ መሰል የብልና? ብናተይ ርእይቶ ከምቲ ዶ/ር ሃብተ ዝበሎ እዚ ውድብ ናይ ርእይቶ ፍልልይ የብሉን። እቲ ሽግር ናይ ስልጣንን ህልኽ ውልቀ መራሕትን ሽግር ስለ ዝኾነ እቲ መሪሕነት ህጹጽ ኣኼባ ጌሩ ንጉባኤ ክጽውዕ ኣለዎ ። መሰረታት'ውን ከምቀደሙ ልቡ ኣዕቢዩ ንጉባኤ ብትዕግስቲ ይጸበ ዝብል ርእይቶ ኣሎኒ።

ዘገርም ኢዩ። እቲ ኣብ ኢንተርነት መራኸቢ ማዕከናት ዝኸይድ ዘሎ ናይ ስነጽሑፍ ኲናት እንተ ሪኢና ኣብ መንጎ እቲ መሪሕነታት ዘተኮረ ጥራይ ኢዩ። ኣሕመድ ናስር ወይ ስዩም። ዘሕፍር ኢዩ። ኣሓ ድኣ ብሓደ ኣርሓ መራሒኤን ይጽውዓ ኣምበር ንቔሕ መስረታት ሰውራዊ ባይቶ ዝኣክል ብሓደ መራሒ ሰውራዊ ባይቶ ኣሕመድ ናስር ክጽዋዕ ኣስደሚሙኒ። ዝፈናጭል ኣሕመድ ናስር ዘስምር ኣሕመድ ናስር! እቲ ቀደም እንፈልጦ ውድብ ዝተለወጠ  ይመስል! ሕቶ መሰረታትን መሰሎምን ኣይላዓልን። ከም ሓደ ንእሽቶ ሕጻን ኣበይ ከይበጽሑ ኢዮም ኢዩ። እቲ ቀንዲ ጌጋ ናይ'ዚ መሪሕነት ድማ እዚ ኢዩ። ንቕሓት መሰረታቱ ኣብ ግምት ዘእተወ ኣይመስለንን።

ኣብ መጨርሻ ክብሎ ዝደሊ ህዝብና ካብዚ ወዲቕዎ ዘሎ ሽግር ብቕልጡፍ ክድሕን እንተኮይኑ ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዝሓለፉ ጽሑፋተይ ዝገለጽክዎ ኣብክንዲ እቲ ኣረጊት መንገዲ መሪሕነት ውድብ (ሰልፊ) ንመሪሕነት ክንልምን ንነብር፤ ዘተ መሰረታት ንመሰረታ ክልመድ ኣለዎ። ናይ ሓቢርካ ምስራሕ ስኒት በዚ መንገዲ'ዚ ጥራይ ኢዩ ክረጋገጽ ዝኽእል። ከምኡ'ው ንሓደ ጸቓጢ መሪሕነት ክቋጻጸሩ ዘይኽእሉ ከም ደገፍቲ ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝዓይነቱ እሺ ብሃልቲ ምእዙዛት ኣባላት ወድብ (ሰልፊ) ኣብ ሃገርና መሰረታዊ ለውጢ ክንተክል ኣይንኽእልን። ናይ ሓደ ስርዓት ወሳኒ ግደ ዘልዎ ህዝቢ (መስረታት ወይ ሓፋሽ) ኢዩ። ህዝቢ ዝደለዎ ይፍጸም ህዝቢ ዘይደለዎ ኣይፍጸምን።

ፍትሕን ደምክራስን ንህዝብና

ኣድሓኖም ፍትዊ